ሚኒስትሪ ጥዕና

# ናይ 2019 ሓዲሽ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም (COVID-19)

ኣብ ዲሰምበር 31:2019፣ ሁዋን ኣብ ትበሃል ከተማ ቻይና፡ ኩነታት ዘይተመርመረ ነድረ-ሳምቡእ ከም ዝተራእየ፡ በዓል-ስልጣን ሓለዋ ጥዕና ሓበሩ። ምንጪ ናይ'ዚ ነድረ-ሳምቡእ ከኣ፡ ሓደ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ደቂ ሰባት ተራኢዩ ዘይፈልጥ፡ ብናይ 2019 ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስ ሕማም (COVID-19) ዝፍለጥ፡ ቫይረስ፡ ከምዝኾነ ተረጋጊጹ።

## እዚ ናይ 2019 ሓዲሽ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም እንታይ ኢዩ፧

ኮሮና ቫይረስ ዝበሃል፡ ሓደ ዓቢ ናይ ቫይረስ ስድራ ኲይኑ፡ ካብቲ ልሙድ ዓይነት ሕማም ጉንፋዕ፡ ክሳብ እቲ ዝኸፈአ ናይ ምስትንፋሳዊ ለበዳ ናይ ሳምቡእ፡ ከም ብሮንካይቲስ፣ ነድረ-ሳምቡእን(ኑሞኒያ) ብርቱዕን ቅጽበታውን ዝኾነ ናይ ምስትምፋስ ምልክታት ሕማም (ሳርስ) ዝኣመሰሉ ሕማማት፡ ምንጪ ኢዩ።

ናይ 2019 ኮሮና ቫይረስ ከኣ፡ ምንጪ ናይ ምስትንፋሳዊ ለበዳ (ሕማም) ዘምጽእ፡ ኣብ ኣውራጃ ሁበይ (ዉሃን)፡ ኢዩ ጀሚሩ።

ኣብ ኦንቴርዮ፡ እቲ ናይ መጀመርያ ግምታዊ ለበድ፡ ኣብ ጀኑዋሪ 25፡ 2020 ኢዩ ተረኺቡ።

ብዛዕባዚ ናይ 2019 ሓዲሽ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም (COVID-19) ብዝያዳ ክትፈልጡ እንተደለኹም፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ontario.ca/coronavirus ኬድኩም ረኣዩ።

## ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማምን ምልካታትን እንታይ ይመስል፧

ምልክታት ናይዚ ሕማም፡ ኣጀማምርኡ ልክዕ ከምቲ ልሙድ ዝኾነ ሕማም ጉንፋዕ ወይ ናይ ምስትንፋሳዊ ሕማም ኲይኑ፡ ክሳብ እቲ ዝኸፈአ ናይ ምስትንፋሳዊ ለበድ ይኸውን። ንሳቶም ከኣ፥

- ረስኒ
- ሰዓል
- ሕጽረት ትንፋስ።

ሳዕቤን ናይዚ ናይ 2019 ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስ ሕማም፡ ከምእኒ ነድረ-ሳምቡእ (ኑሞኒያ)፣ ምድካም/ሙማት ኵሊትን፡ ካሳብ ሞትን ኢዩ።

እንተደኣ ምልክታትኩም፡ ካብቲ ልሙድ ናይ ጉንፋዕ ሕማም ዝገደደ ኰይኑ (ንኣብነት፡ ከም ረስድኒ፣ ሰዓልን: ሕጽረት ትንፋስን)፡ እሞ ኸኣ ኣብ ምጅማር ናይዘን ምልክታታት ሕማም፡ ኣብተን ክልተ ሰሙን እንድሕሪ ደኣ ኣብተን

ተበኪለን ዘለዋ ቦታት[1] ጌሽኩም ኰንኩም፡ ኣብ ናይ ኦንቴርዮ መስመር ጥዕና፡ 1-866-790-0000 ብምድዋል፡ ወይ ከኣ፡ ምስ ናይ ከባቢኹም፡ ጉዳይ ሕዝባዊ ማዕከል ክንክን ጥዕና (Public Health) ኣብ (health.gov.on.ca/en/common/system/services/phu/locations.aspx) ብምኻድ ተራኸቡ። ኩሉ ዝስመዓኣኩምን: ምልክታቱን ድማ ሓብርዎም።

እንድሕሪ ደኣ፡ ካብተን ተበኪለን ዘለዋ ካባቢታት፡ ካብ መገሻኹም ተመሊስኩም ኰንኩም፡ ንዓሰርተ ኣርባዕተ መዓልታት፡ ንገዛእ ርእስኹም፡ ኣብ ገዛ ክትዓጽዉ ኣለኩም። ምናልባት ብናይ 2019 ሓዲሽ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም ተበኪልኩም ወይ ዝተቓላዕኩም ክትኮኑ ስለ እትኽእሉ፡ ኣብ ገዛ ምዕጻውን፡ ርክብ ምስ ካልኦት ሰባት ምውሓድን፡ ንምልባዕ ናይዚ ሕማም ክገትኡ ይሕግዝ ኢዩ።

ብኽብረትኩም፡ ምስ ናይ ከባቢኹም ሕዝባዊ ማዕከል ክንክን ጥዕና ኣብ (health.gov.on.ca/en/common/system/services/phu/locations.aspx) ብምኻድ ምኽሪ ሕተቱ።

እንድሕሪ ሕጹጽ ሬድኤት ዘድልየኩም ኰይኑ ግና፡ ኣብ 911 ደዊልኩም፡ ኩነታትኩምን ዝገሸክምሉ ኣከባብን ሓብርዎም።

# እዚ ቫይረስ፡ ብኸመይ ይተሓላለፍ፧

ቀንዲ ኮሮና ቫይረስ ዝተሓላለፈሉ መንገዲ፡ ብቐረባ ብዝግበር ሰብኣዊ ርክባት ኢዩ። ንኣብነት፥ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ቦታ ስራሕን: ኣብ ማዕከላት ክንክን ጥዕናን።

## ካብዚ ናይ 2019 ሓዲሽ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም፡ ንባዕለይ ብኸመይ ክሕሉ እኽእል፧

ኣብዚ ግዜዚ፡ ነዚ ናይ 2019 ሓዲሽ ኮሮና ናይ ቫይረስ ሕማም ዝኸውን ናይ ክታበት መድኃኒት የልቦን።

በብመዓልቱን ሰዓቱን ከነዘውትሮም ዝግብኡና፡ እዚ ሕማምዚ ንኸይላባዕ ዝሕግዙና፡ ናይ ምክልኻል ተግባራት ግን ኣለዉ፥

- ኣእዳውና ብሳቡናን ማይን ብዙሕ ግዜ ምሕጻብ፡ ወይ ድማ ኣልኮሆል ዝተሓወሶ ናይ ንጽሕና ፈሳሲ ጌርና፡ ኣእዳውና ምጽራይ።
- ሕንጥሽ ክንብልን: ክንስዕልን እንኰለና፡ ንኣፍና ብእጅገ ናይ ኢድና ምዕፋን
- ዓንኻን፣ ኣፍንጫኻን፡ ኣፍካን ካብ ምትንኻፍ ምቑጣብ
- ምስ በዚ ሕማምዚ ተጠቒዖም ዘለዉ ሰባት ዘይምርኻብ
- ንባዕልኻ ተበኪልካ እንተሎኻ ድማ፡ ካብ ገዛ ዘይምውጻእ

---

[1] ብዛዕባ በዚ ሓዲሽ ኮሮና ቪረስ ተበኪለን ዘለዋ ሃገራት ንምፍላጥ፡ ኣብ Ontario.ca/coronovires ብምኻድ ተወከሱ።

እንድሕሪ ደኣ፡ ኣብ በዚ ቫይረስዚ ተበኪለን ዘለዋ ከባቢታት ክትገሹ መደብ ኣለኩም ኰይኑ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ቦታት ካብ ምኻድ ተቖጠቡ፥

- ንሓደጋ ብጣዕሚ ዝተቓልዑ ቦታታት፡ ክም ሕርሻ ቦታ፣ ዕዳጋ ከብትን እንስሳታትን፣ ቤት መሕረዲ እንስሳታትን፡ ዕዳጋ ስጋን
- ምስ ዝሞቱ ወይ ብሕይወቶም ምስ ዘለዉ እንስሳታት፡ ከም ሓሳሙ፣ ደርሁትን፡ በረርትን (ዓይነት ርግብን) ኩሎም ዘይምርኻብ
- ካብ ናይ እንስሳታት ደም ይኹን ቀልቀል ዝተንከፎም ጽፍሕታት ምሕላው

## ነዚ ናይ 2019 ሓዱሽ ኮሮና ቫይረስ ሕማም ሕክምና/መድሃኒት ክረክብ እኽእልዶ፧

ነዚ ሕማምዚ ዝኸውን ፍሉይ ሕክምና ወይ ክታበት የልቦን ። ዝበዝሑ ሰባት፡ ካብዚ ልሙድ ዝኾነ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም፡ ቀስ ኢሎም ባዕሎም ኢዮም ዝሓውዩ።

ክንወስዶም ዘለዉና መከላኸልቲ ግን ኣለው፥

- ብዙሕ ማይ ምስታይ
- ብዙሕ ዕረፍትን ምድቃስን
- ንዝቆሰለ ጎሮሮ ንምሕዋይ፡ ብውዕይ ማይ ስብነትካ ምሕጻብን፡ መርሃዲ-ቤት ምጥቃምን።

### ኣብ መገሻ እንኮለኹ፡ ወይ ከኣ ካብ መገሻ ምስ ተመለስኩ እንተ ሓመምኩኽ፡ እንታይ እግበር፥

ኣብ መገሻ እንኮለኻ፡ ወይ ድማ ካብ መገሻ ምስ ተመልስካ እንተ ሓመምካ፡ ብመጀርያ ምስ ስብ ካብ ምርኻብ ክትቁጠብ ይግበኣካ። ኣብ መስመር ጥዕና ኦንቴርዮ 1-866-797-0000 ደዊልካ፣ ወይ ከኣ ኣብ ናይ ከባቢኻ ሕዝባዊ ማዕከል ክንክን ጥዕና ብምኻድ፡

- ዝስምዑኻ ምልክታት ሕማም
- ኣበይ ጌሽካ ክመዝነበርካ
- ምስ እንስሳታት ከኣ፡ ናይ ቀረባ ርኽክብ ኔሩካ እንተኹይኑ (ንኣብነት፡ ብሕይወቶ ዝሸየጥሉ ዕዳጋ ኬድካ እንተኹንካ) ወይ ምስ ብናይ 2019 ሓዱሽ ኮሮና ቫይረስ ሕማም ዝተበከለ ሰብ ቁሪብካ እንተኹንካ:ክትሕብር ይግበኣካ።

ንካናዳ ክትምለስ ኣብ ነፋሪት እንኮለኻ፡ ወይ ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ እንተ ተጸላኣካ፡ ንኣሰለፍቲ በረራ፡ ወይ ከኣ ንሰበስልጣን ኣገልግሎት ሓለዋ ዶብ፡ ክትሕብሮም ይግበኣካ።

ብዛዕባ መገሻን ኣብ ናይ 2019 ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስን ብዝምልከት፡ ዓሚቑ ኣፍልጦ ክህልወካ፡ ኣብ travel.gc.ca/travels/advisories/pneumonia-china ብምኻድ ከተንብብ ትኽእል።

## በዚ ሓዲሽ ቫይረስ ከምዝተበከልኩ ምኺነይ እንተሓሲበኸ፡ እንታይ እግበር፧

ስሚዒታትን ምልክታትን ናይዚ ናይ 2019 ሓዲሽ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም ፡ እንተ ተሰምዑኻ፡ ኣብ ናይ ኦንቴርዮ መስመር ጥዕና :1-866-790-0000 ብምድዋል፡ ወይ ከኣ፡ ምስ ናይ ከባቢኹም፡ ጉዳይ ሕዝባዊ ማዕከል ክንክን ጥዕና (Public Health): ኣብ (health.gov.on.ca/en/common/system/services/phu/locations.aspx) ተራኸቡ። ኩሉ ዝስመዓኩምን ምልክታቱን ድማ ሓብርዎም።

እንድሕሪ ሕጹጽ ሬድኤት ዘድልየኩም ኰይኑ ግና፡ 911 ደ ዊልኩም፡ ኩነታትኩምን ዝገሽክምሉ ኣከባብን ሓብርዎም።